# ጉዕዞ ፕረሲደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ን ብራስለስ ፧

## ሳልሳይን
## መወዳእታን ክፋል

ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ፡ ካብ ሰላም ህዝቡን ሃገሩን፡ ብሰላም ጓኖትን ጎረባብትን ዝጣበኞ፡ ካብ ዘተ ምስ ኣሕዋቱን ኣሓቱን፡ ዘተ ምስ ጓኖት ዝምረጽ፡ እዩ።


ሕቲታ 120291 • ቀዳም 24 ሰነ 1995 • 4ይ ዓመት ቍ.85 ዋጋኡ 50 ሳንቲም

ጉባኤ ፖለቲካዊ ሓይልታት ሱዳን ብዓወት ተዛዚሙ

ቀዳም 24 ሰነ 1995 ኣስመራ

ሰላም ጎረቤት፡ ፍርቂ ሰላም ህዝብናን ሃገርናን ምዃኑ፡ ዝእመነሉ'ዩ። እንተኾነ ነቲ ሰላም ዘዕቅብ ሃገር ንገዛእ ርእሱ ሰላም እንተዘይወኒኑ፡ እቲ ጻዕሪ ዝግበረሉ ዘሎ ፍርቒ ሰላም ወይ ግዚያዊ ሰላም ኮይኑ ጥራሕ'ዩ ዝተርፍ። ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ነዊሕ ናይ ብረታዊ ተጋድሎ ምስ ህዝቢ ሱዳን ዝነበሮ ናይ ታሪኽ ዝምድናታት፡ ኣብ ግንቦት 1994 ኣብ መዓልቲ በዓል ነጻነት ብምብታኽ፡ ስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ ንመንግስቲ ሱዳን፡ ብፍላይ ነዚ ሕጂ ዘሎ መራሕ እንታይ ቢሉ ክሲ የቕርብ ከም ዝነበረ፡ ካብ'ቲ ብዙሕ ገገለ ኣብ'ዚ ዝቐጽል ስእሊ ሓዳስ ኤርትራ ተዓዚብ።


ቢን ላድን ህጻናት ብለውጢ ካላሽን ይዕድግ ምህላዉ ተፈሊጡ

ኣብ ዓለምና ዝተፈልጠ ግብረ ሽበራዊ ኦሳማ ቢን ላድን ካብ ተቓወምቲ መንግስቲ ዩጋንዳ ህጻናት ከምዝገዝእን ኣብ ሱዳን ንዝርከብ ናይ ግሪዋና (ሓሸሽ) ከምዝሸሞን እቲ ሓበሬታ የረድእ። እዚ ኢ-ሰብኣዊ ተግባር'ዚ ብመንግስትን ሰራዊትን ሱዳን ከምዝድገፍን ቢን ላደን ድማ ንሱዳን ከም ደጀን ከምዝጥቀመሉ እዚ

ኦሳማ ቢንላደን

ዑመር ኣልበሽር

ሕርሻኡ ከም ጋላዩ ከም ዝጥቀመሎምን፣ እዚ ከኣ ካብ'ቲ ሕርሻ ዝርከብ ኢታዊ፣ ነቲ ናይ ግብረ ሽበራ ዕላምኡ ክሕግዞ ምእንታን ከምዝበኾ the sunday telegraph ብ 28 መጋቢት ኣቃሊዑ።

እዚ ብተቓወምቲ ዩጋንዳ ንኦሳማ ቢን ላደን ዝተሸጡ ህጻናት ካብ 1994 ጀሚርካ ክሳብ ሕጂ 8,000 ከምዝበጽሑን ኣገባብ ኣሻይጣ ናይ'ዞም ህጻናት ከኣ ንሓደ ህጻን ብሓደ ካላሽን ከምዝበኾ ካብ መንግስቲ ዩጋንዳ ዝተረኸበ

ኸኣ ካብ ሰዑድያ ድሕሪ ምስጓጉ ቢን ላደን ኣብ ሱዳን ካብ1994 ክሳብ 1996 ከምዝጸንሔን፣ ኣብኡ ከኣ ሕርሻታት፣ ባንክታት፣ ፋብሪካታትን ካልኦት ትካላትን ከምዝሰዖ ናይ ዩጋንዳ መንግስቲ ብተወሳኺ ሓቢሩ።

ሱዳን ንግብረ ሽበራ ዝኸውን መሬት ንቢን ላደን ከምዝሃበት፣ እዚ ከኣ ክሳብ 17 ንግብረ ሽበራዊ መሰልጠኒ ዝኾና መዓስከራት ኣብ ውሽጢ ሱዳን ከምዝሎ እቲ ናይ ግብረ ሽበራ ዒላማ ከኣ ኣብ

ትርግታ መበል 4ይ ዓምት ሰሉስ 30 መጋቢት 1999።




10 ክሳብ 17 ሚያዝያ 2007 ኣብ ኣስመራ ዋዓላ ተኻይዱይ። ሓዳስ ኤትራ 19 ሚያዝያ።

ህዝቢ ኤርትራ ብናይ 50 ፖላቲካውን ብረታዉን ተጋድልኡ፡ መስዋእቲ ዝኸፈለሉ ክቡር ታሪኹ፡ ደም ስውኣት ዘይነቐጸ ናይ ትማሊ ዝከፈሎ ዋጋ፡ ኣብ ገዛእ ዓዱ፡ ምስ ገዛእ ህዝቡ ዘይዘተየሉ፡ መፍቶ ጎረባብቲ ፡ ኣራግጽ ኮይኑ ዘሎ፡ እቲ ስርዓት ቀንዲ መሳወሪ ናይ'ቲ ሓዊ ምኻኑ ካብ ዘረድኦ ጭቡጥ ኩነታት ሓሊፉ ካላእ ክቀርበሉ ዝኽእል መረጋገጺ ከቶ የልቦን።

ሕጹኖት ኢትይጵያን ኤርትራን ከይተወድኤ፡ ኣብ'ዚ ዕሙር ጽልኢ ምስ ሱዳን ዝገነነሉ፡ መንስግቲ ኤርትራ ምስ መራሕቲ ኢትዮጵያ ዝነበሮ ዝምድናታት ስእሊ ተመልከት፡ መለስ ዜናዊ ኣብ ምዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ።ምስ ፕረሲደንት ኢሰያስ ኣፈውርቂ።

ከምኡ'ውን ፡ ንስርዓትን ሕግን፡ ንብዙሕነትን ሰልፊ ኣብ ኤርትራ ዝተጠባቐ ሓደ ካብ ጉጅለ 15 ግዳይ ስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ ዝኾነ ናይ'ቲ እዋን ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳያት ዝነበረ፡ ሎሚ ኣብ ጎዳጉዲ ህ.ግ.ዲ.ፍ ሂወቱ ዝበሊ ዘሎ ጴጥሮስ ሰሎሙን ምስ ወጻኢ ጉዳያት ሚኒስተር ስዩም መስፍን ኣብ ምዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ። ሎሚ ኸ፡ መንግስቲ ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ፡ መንግስቲ ኤርትራ ምስ ሱዳን ኣብ ምንታይ ኩነታት ይርከብ ህዝቢ ኣጸቢቑ ዝፈልጦ'ዩ።






ንስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ ኣብ ጉዳይ ፖለቲካ ህዝቢ ኤርትራ ናይ ዘለዎ ሚዛን ንምምዛን ብዙሕ ላዕሊ ታሕቲ ዘብል ኣይኮነን። ህዝቢ ኣብ ኢዱ ብዘለዎ ሰነድ፡ ተቃወምቲ ህ.ግ.ዲ.ፍ. ብዝበልዎ

**ዘይኮነስ፡ ህ.ግ.ዲ.ፍ ባዕሉ ኣብ ሰነድ ብዘሰፈሮ፡ መርትዖ ን ምስክርን፡ ክፍረድ ዝክእል ካብ ናይ ትማሊ 70ታት ሕጂ ኣብ ቅድሚ ዓይኒ ህዝቢ ብዝፍጽሞ ዝጸንሐን ዘሎ ጌጋታትን ገበናትን'ዩ።**

**እዚ ስርዓት ኣበየናይ፡ ደረጃን ቦታን መንግስትነት ክትሰርዮ፡ ብኸምይ ዓይነት ክትዛረበሉን፡ ነቶም ኣብ ፖለቲካዊ ዓለም ዝዋስኡ ሞያኝታታ'ውን ዘጸግም፡ ካብ ንግሆ ንምሸት ብዕላማታቱን መርገጻቱን ብምግልባጥ ዝተፈልጠ፡ ንተራ ህዝቢ ከም ዘጸግም ርዱእ'ዩ። ግን ከኣ ነቲ መስሓሊ ማሕበራዊ ናራ ተምክሮናን፡ ባህልናን ልምድናን፡ ክንነባበረሉ ዝጸናሕና ሕጊ ባይቶ ዓዲ፡ ጉዳይና ክንስሕሎ ካብ ቦትኡ እንተመዘዝናዮ ጉዳይ ህ.ግ.ዲ.ፍ ንምምዛንን፡ ወካሊ ምልካዊ ስርዓት ምኻኑ ንምልላይ ግዜ ዝወስድን ዘደናግርን ከም ዘይብሉ ክፍለጥ ይከኣል።**

**እዚ ብወጻእተኛታት ካብ'ቲ ብዙሕ ዝተጻሕፈ ቁንጣሮ፡ ከም ንኣብነት ክግለጽን ንምስክርን ክንበብ ዝኽእል እንሆ።**

**For years Sudan has accused its eastern neighbour of supporting rebel groups from its south, west and east. Those groups have offices in Asmara.**

**July 5 2006 reuters**

**ERITREAN MEDIATION**
**But Eritrea's hosting of the new rebel alliance has raised a question over its ability to mediate neutrally, Akol said**

**African path may 4 2007**

**One might ask, "How can Brussels act of sleeping with the devil become a good move by EU?" To put it simply, there is no other means to avoid more wars and conflicts in the Horn of Africa. Sudan, America and AU telling the Eritrean government to stop aiding and arming terrorists and militants will never solve anything. They can scream 24 hours a day, 7 days a week but it won't be a solution. Instead, it will actually create more bitterness and justify the Eritrean government's action of arming more terrorists and rebels.**

# ኤርትራ ኣብ መስርሕ ሰላም ዳርፉር ዕንቅፋት ትገብር ኣላ ተባሂሉ ።

GIC

23/02/2007

ሽግር ዳርፉር ንምፍታሕ ብማእከልነት ሊብያ መራሕቲ ኤርትራን ቻድን ኣብ ዝርከብሉ ኣጋጣሚ ዝግበር ዘሎ ናይ ሰላም ተበግሶ ብሰንኪ መንግስቲ ኤርትራ ዝገብሮ ዘሎ ዘይሕጋውን ውሕሰነት ዘይብሉን ኣካይዳ ክተሓላለኽን ዕንቅፋት ክጋጥሞን ይረኣ ኣሎ ክብላ ራኢ.ኣልዓምን

## ኣልሰሓፋን ዘተባህላ ናይ ብሕቲ ጋዜጣታተን ሱዳን ኣብ ናይ ትማሊን ሎሚን ሕታመን ሓቢረን

ሕብረተ ሰብ ዓለም፡ ዞባታት መራሕትን ተዓዘብትን፡ ነዚ ስእሊ'ዚ ክይተዓዘቡ ዝሓለፉ፡ መራሕቲ እዮም ዝብል ግምታት የብለይን።

ካብ መራሕቲ ህ.ግ.ዲ.ፍ ብቀንዱ ፕረሲደንት ኢሰያስ ኣፈውርቂ፡ ድሕሪ ዶባዊ ኲናት ነቶም ንሽምግለና ዝተመዘዙ ከም ሓሰን ጉለድ ናይ ጅቡቲ፡ ሮበርት ሙጋበ ናይ ዚምባብወ፡ እንታይ ቢሊ ይጽውዖም ከም ዝነበረ፡ ሕጂ ነቲ ዝሕፍረኒ ክሰምዮ ኣይደልን፡ ሎሚ ኸ ፕረሲደንት ኢሰያስ ኣፈውርቂ ምስ ሮበርት ሙጋበ ዘለዎ ዝምድና ብሓቂ፡ ኣብ ዋዕላ ኡጋድኡን ብሩኪናፋሶን ፕረሲደንት ኢሰያስ ከም'ዚ ቢሉ ተዛሪቡ ነይሩ ዝበል፡ ንባዕልኻ ነፍስኻ ዘኽእድ ታሪኽ'ኻ ክትጽብጽብ ትኽእል። ነፍስሄር ሓሰን ጉለድ 'ኳ ኣብ'ዚ ዓለም ብሂወቱ ንስለ ዝየልቦ ሎሚ ብዛዕቡኡ ክዝረብ ኣይክንሰምዕን'ና።

## መደምደምታ

ጉዕዞ ፕረሲደንት ን ብራስለ፡ ኣብ''ዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቂሱ ዘሎ ሰንዳት ዝተምርኾሰ፡ ካብ ንግሆ ንምሸት ዝለዋወጥ መምርሒ ህ.ግ.ዲ.ፍ ዝመንጨወ ስለ ዝኾነ ንዓና ሎሚ ፕረሲደንት ኢሰያስ ኣፈውርቂ ኣብ ዝበጽሖ እንተበጽሐ ዝገርመና የብሉን።

ንሕና ዘገድሰና፡ ሰላም ህዝብናን ሃገርና፡ ምዕሩይ ክልተኣዊ ዝምድናታት ጎረባብትናን፡ ኣህጉራዊ ሕብረተ ሰብ'ዩ።

ኤርትራ ሎሚ ካብ ጉዳያ ወጻኢ፡ ካብ ማሕበራዊ ፍትሒ ህዝባ ወጻኢ፡ ብምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ ተመርሓ ትምርሾ ዘሎ ጎደና፡ ኤርትራ ናይ ነገራዊ ትሕዝቶ፡ ናይ ሓይሊ፡ ናይ ምልኪ፡ ናይ ገንዘብን ብኡ ደረጃ ናይ ዝሓስብ ህዝቢ ወኒና ከም ትኸይድ ገቢሮማ ኣለዉ።

ምጻሕ ፕረሲደንት ኢሰያስ ኣፈውርቂ ን ብራስለስ'ምበኣር ነዚ ተምክሮ ዝሓዘ ሎቀታ፡ ወይ ተምክሮ ንስለ ዝኾነ ብዙሕ ዘተሓሳስብ ኣይኮነን።

ኣብ ህ.ግ.ዲ.ፋዊ መርገጻት ዘሎና ትዕዝብትን፡ ብደረጃ ተቃውሞ ጥራሕ ዘይኮን ስ፡ ናይ ወጻኢ ጋዜጠኛታትን፡ ኤርትራውያን ግዱሳት ብዘልዓልዎ ሚዛናትን ገምጋማትን ዝተሰነየ፡ ተርእዮ ንስለ ዝኮነ ድማ ናይ ሓደ ወገን ሚዛን ወይ ጋምጋም ተባሂሉ ክንጸግ ዝኽእል ኣይኮነን።

ደገፋት ገምጋም ንህዝቢ ፡ኣብ ልዕሊ ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ዲፍ በዚ ኣብ ላዕሊ ዝተረጋገጸን ዝተሰነየ ንስለ ዝኾነ፡ ንዘላቂ ፍታሕ ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ንዝለዓል ሕቶ፡ ኣብ ደምበ ተቃውሞ ንዘሎ ሕታቶታ ክዓጽፎ ዝኽእለ ናይ ብራስለስ ምብጻሕ ከንቶ'ዩ።

እቲ ክሳብ ሕጂ ብተምክሮይን ዕግበተይን ክበጽሖ ዝኽእል ደምዳሚ ፖለቲካዊ መስርሕ ህ.ግ.ዲ.ፍ በዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ተመክሮታት ምስ ዝተዛመደ፡ ኣብ ኤርትራ ክመጽእ ዝኽእል መጻኢ ጽልሙት ተስፋ ጥራሕ'ዩ።

ብተራ ኣዘራርባ ኣደራሽይ ጓኖት ዝድኾስሉን፡ ዝማሙቑልን፡ ዝዕርፍሉን እንተኾነስ ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ድኻም፡ ኣብ ቁሪ ኣብ ስራሕ ከም ዘሎ ብጭብጢ ዘረጋግጽ'ዩ ዝእምት እሞ፡ ልክዕ ከኣ ጓኖት ኣደራሽና ክሳሓኾሉን ጉዳዮም ክፈትሕሉ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ስደትን ኣብ መከራን ይረክብ ኣሎ። እቲ መርትዖኣን ከኣ እዚ እዚ'ዩ።

11 ሚያዝያ 2007

ኣንቶንዮ ተስፋይ